ንዝያዳ ሓበሬታ ምስ ኣወሀሀሃዲ ናይ ቤት ትምህርቲ፡ ሕብረተሰብኣዊ ኣገልግሎት፡ ፖሊስን ናይ ነጻ ግዜ ክበብን ርክብ ግበር፡

ኣንና ሊንደስቲግ 072-502 29 58
[anna.lindestig@ostersund.se](mailto:anna.lindestig@ostersund.se)

ÖSTERSUNDS KOMMUN

Polisen

# ምትሕብባር ኣብ መንጎ ቤት ትምህርቲ፡ ሕብረተሰብኣዊ ኣገልግሎት፡ ፖሊስን ናይ ነጻ ግዜ ክበብን። ደገፍ ንስድራቤታት ኣብ መንጎ 12ን-16ን ዝዕድመኦም መንእሰያት ዘለዎም።

SSPF

SKOLA SOCIALTJÄNST POLIS FRITID

## *ምቤትሕኣፖናነግክ/SSPF*

ምቤትሕኣፖናነግክ ማለት ምምትሕብባር ኣብ መንጎ ቤት ትምህርቲ፡ ሕብረተሰብኣዊ ኣገልግሎት፡ ፖሊስን ናይ ነጻ ግዜ ክበብን ኣብ ክሊ ኣብ መንጎ 12ን- 16ን ዝዕድመኦም መንእሰያት እዩ።

## *ምስጢር*

ምቤትሕኣፖናነግክ ምእንቲ ሕብረተሰብኣዊ ኣገልግሎት፡ ፖሊስን ናይ ነጻ ግዜ ክበብን ሰራሕተኛታት ኣብ ክሊ እቲ መንእሰይ እቶም ናይ ቤት ትምህርቲ  ክተሓባብሩን ናይ ሓባርር ስራሕ ክገብሩ ክኽእሉን፡ ብዛዕባ እቲ ዘድልይ ሓበሬታ ንኽላዋወጡ እቲ ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ ብጽሑፍ ከፍቅድ ኣልዎ።

## *ሽቶ*

እቲ መንእሰይ ሓደ ዝሰርሕ ናይ ትምህርቲ ቅጥዒ ክህልዎ ከምኡ’ውን ካብ ሓሽሻትን ገበናትን ናጻ ዝኾነ ሂወት ንክነብር።

## *ዕላማ*

ምቤትሕኣፖናነግክ ሓደ ኣብ ገበን ምፍጻም ኣስጋኢ ሃዋህው ዘለዉ ቆልዑትን መንእሰያትን ንምቑላብ ናይ ሓበሬታ መለዋወጢ መድረኽ እዩ። ምእንቲ ነቲ መንእሰይ ሓደ ኣወንታዊ ምዕባሌ ከመሹኡሉ እቶም ናይ ቤት ትምህርቲ፡ ሕብረተሰብኣዊ ኣገልግሎት፡ ፖሊስን ናይ ነጻ ግዜ ክብበን ሰራሕተኛታ ምስ ንኽዕብዩ ሓላፍነት ዘለዎምን ምስ መንእሰያትን ይተሓባበሩ።

## *መዓስ እዩ ምቤትሕኣፖናነግክ ግዝያዊ/ኣድላዪ ዝኸውን?*

ኣብ ክሊ እዞም ዝስዕቡ ሻቕሎት ክህሉ እንከሎ፡

- ጥርጣሬ ናይ ገበናዊ ፍጻሜታት (ምዝራፍ፡ ጎንጺ፡ ስርቂ ወዝተ)
- ምዝውታር/ምሻጥ ናይ ኣልኮላዊ መስተን/ወይ ሓሸሻትን
- ኣብ ዘይግባእ ሃዋህው ምህላው/ኣዕነውቲ ሃዋህዋት
- ሻቕላ ብዛዕባ ምስ መን ብጻይ ከምዝራኸብ
- ብኩራት ካብ ትምህርቲ

## *ከመይ?*

ሓደ ካብ’ቶም ናይ ኣርባዕተ ንጥፈታት ወኪል ነቲ ንኽዕብይ ሓላፍነት ዘለዎ ብዛዕባ ምቤትሕኣፖናነግክ ይሕብር ከምኡ’ውን ነቲ ስምምዕ ይቕበል። እቲ ስምምዕ ነቲ ኣወሃሃዲ ይወሃብ ደሓር ንሱ ሓደ ዝተመልአ ናይ ስግኣት መገምገሚ ፎርም ካብ ቤት ትምህርቲ፡ ሕብረተሰብኣዊ ኣገልግሎት፡ ፖሊስን ናይ ነጻ ግዜ ክበብን ይጠልብ። ድሕሪ ሓደ ዝርርብ እንድሕር እቲ ናይ ምቤትሕኣፖናነግክ ኣብ’ቲ ናይ ስራሕ ጉጅለ ግዝያዊ ኾይኑን/ወይ እንድሕር ካልእ ናይ ደገፍ ኣድላይነት ምስዝህሉ።

እንድሕር ሓደ ውልቀ ሰብ ወይ ሃደ ተረኺቦ ናይ ምቤትሕኣፖናነግክ ምትሕብባር ኣድላይነት ኣለዎም ተገምጊሙ ናይ ኦስተርሱንድ ኮሙን በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይሰርሕ፡

- እቲ ኣወሃሃዲ ነቲ ንኽዕብይ ሕላፍነት ዘለዎን ነቲ መንእሰይን ረኺቡ ብዛዕባ እቲ ህልዊ ኩነታት - ብርተዐ/ኣድላይነት፡ ናይ መርበብ ዝርዝር ይገብር፡ ሽቶ የነጽር።
- እቲ ኣወሃሃዲ ምስ’ቲ መንእሰይ፡ ወለዲ ከምኡ’ውን ምስ’ቶም ኣብ ክሊ እቲ መንእሰይ ዝርከቡ ኮይኑ፡ ንኣብነት ካብ ቤት ትምህርቲ፡ ካብ ናይ ነጻ ግዜ ክበብ፡ ካብ ሕብረተሰብኣዊ ኣገልግሎት ከምኡ’ውን ረብሓ ዘለዎ ካልኦት ኣባላት ስድራ ቤት ናይ መርበብ ኣኼባ ይጽውዕ።
- ኣብ’ቲ ናይ መበርበ ኣኼባ፡ ሓደ ንጹር ክዕቀን ዝከኣል ነቲ መንእሰይ ናይ ሓባር መደብ ፍጻሜ ሽቶ ይስረዓሉ። ኣብ’ቲ መደብ እውን እንታይ ክግበር ከምዝኾነ፡ መዓስን ብመንን ከምኡ‘ውን ናይ’ቲ መደብ ናይ ምክትታትል ዕለት እውን ክንጸር ኣለዎ።
- እቲ ኣወሃሃዲ እቲ ናይ መደብ ፍጻሜ ኩሎም ከምዝካፈልዎ ከምኡ’ውን ኣድላይ ምስዝኸውን ሓደ ኣማኻሪ ንኽህሉ ሓላፍነት ኣለዎ።

እቲ ናይ ምቤትሕኣፖናነግክ ጉዳይ እቲ ናይ ስራሕ ጉጅለን/ወይ ስድራቤትን እቲ ናይ ምቤትሕኣፖናነግክ ስራሕ ኣድላይነት የብሉን ኢሉ ምስ ገምገሞ እዩ ዝድምደም።